# ነጽነት ብዘይ ደሞክራሲ ዘይሕሰብን መስረት ዘይብሉን ኢዩ!!

## ቤት ጽሕፈ ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
**07.07.2005**

ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጽባሕ ነጻነት 1991 ሙሉእ ሕልናኡ፡ ውነኡን ተስፋኡን ምትካል ድሞከራሲያዊ ስርዓትን ኣብ ምክእኣል ዝተመስረተ መንግስታዊ ምሕዳርዳርን ኢዩ ተጸሚዱ ዝነበረ፡፡ ኮይኑ ግን ህግደፋዊያን ብዝተኸልዎ ናይ ውልቓውነት ስርዓትን ህዝቢ ማእከል ዘይገበረ ዘይ-ደሞክራሲያዊ ምምሕዳርን ብሰንኩ ዝሰዓበ ቁጠባውን ማሕበራውን ጽገማተን ቅልውላዋትን ተቖሪኑ እንሆ 14 ዓመታት ኣሕሊፉ፡፡

ህግደፋውያን ኣብ ስልጣን ኮረሻ ካብ ዝደየብሉ እዋን ኣትሒዙ ዋላ ንሓንቲ ሰከንድ እውን ትኹን ብዛዕባ ምዕሳል ድሞክራስን ልኡላውነት ሕግን ሓሲቦም'ውን ኣይፍልጡን፡፡ ከምቲ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ንሪኦ ብጺሕናዮ ዘልና ዘመን፡ ዘመነ ደሞክራስን ለውጥን እዩ፡፡ ካብዚ ዓለም ብሙሉኡ ሒዝዎ ዘሎ መስርሕ ወጻኢ ክትነብር ምፍታን ማለት ንሃገርካን ህዝብኻን ኣብ ሓዋህው ከም ዝጥልጠሉ ኣብ ህውከትን ፍርሕን ራዕድን ጭንቅትን ክነብሩ ምፍራድ ማለት ጥራይ ኢዩ፡፡

እዚ ሒዝናዮ ዘለና ዘመን ንዕደመ ውልቀ-መለኽተ ዘሕጽር ጥራሕ ዘይኮንስ፡ ደሞከራሲ ታሪኻዊ ግድነትን ዘይስገር ድሌት ህዝብታትን ዓለምን ኮይኑ ኣሎ፡፡ ኣብዚ ታሪኻዊ ነጥበ-መቐይሮ ናይ ዘመንና ኮንካ፡ ንደሞከራሲያዊ ጽጋታት ኣብ ውልቀ ድሌት መንግስታት ብዝተሓጸረ፡ ፈቲኻ እትምጥዎ ጽሊእካ ድማ እትነፍጎ መስርሕ ከም ዘይኮነ፡ ብጭቡጥታት ዝተሰነዩ ኣዝዮም ብዙሓት ዓለም-ለኻዊ መግለጺታት ምቕራብ ይከኣል እዩ፡፡ እዚ ኣወንታዊ ናይ ለውጢ ምዕባለ'ዚ፡ ብቀንዱ ህዝብታት ዓለም ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያውያን ስርዓታት ዘካይድዎ ህዝባዊ ናዕቢ ብምሕያሉ፡ እቶም መልኽቲ ስርዓታት ብውሽጣዊ መስርሖም እናሓቐቁን እናፈሽሉን ኣብ ርእሲ ምምጻኦም፡ ዓ ለም-ለኻዊ ድፋኢትን ጸቕጥን ንደሞክራሲያዊ ተሃድሶ ብምዝያዱን፡ ብድምር ውጺኢት ናይዚ ዝተረጋገጸ ምዕብልናዊ ተረኽቦ'ዩ፡፡

ሎሚ ንዓለም-ለኻዊ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናታት መዓቐኒታቱ፡ ደሞክራሲያዊ መንግስታዊ ትካላትን ህዝባዊ ምምሕዳርን'ዩ፡፡ በዚ መንጽር ዓለም-ለኻዊ ናይ ትካላት ኮና፡ መንግስታት ንዝገብርዎ ካዕባዊ ዝምድናን ምድግጋፍን፡ እቲ ቀንድን ቀያድን ቅድመ-ኩነት ናይ ጠለቦም፡ ሰናይ ምምሕዳርን ሕቶ ደሞክራስያዊ ስርዓትን ካብ ዝኸውን ዊዒሉ ሓዲሩ'ዩ፡፡ ነዚ መመዘኒታት ዘየማለአ ካብ ናይዚ ዘመን'ዚ ዲፕሎማሲያዊ ሕግታት ዘየማልእ ብምዃኑ፡ ንካዕባዊ ዝምድናታት ይኹን ንናይ ረድኤት ሓገዛት ዘቕርቦም መጸዋዕታን ምሕጽንታን ኣወንታዊ መልሲ ካብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ኣይረክብን፡፡

ንኣብነት ነዚ ጥረ ሓቒዚ ኣብ ጉዳይ ሃገርና ብቐጥታ ብምውሳድ ነቲ ክውንነት ንምዘኖ፡፡ ከም ኤርትራ ኣብ ዝኣምሰላ ብድኽነት ዝሳቐያ ሃገራት፡ ኣብ ብልሽውናን ግዕዙይ ምምሕዳርን ተሸሚሞም ዘለዉ መንግስታት፡ ካብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዝረኽብዎ ሓገዝ ይኹን ኣወንታዊ መልሲ የብሎምን፡፡ እዚ ማለት ድማ ህዝቦም ብኸቢድ ማሕበራውን ቁጠባውን ጸገም ይሳቐ ኣሎ ማለት እዩ፡፡ ስለዚ ህግደፋውያን፡ ህዝቢ ኤርትራ ብቐንዱ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ድማ ብተወሳኺ ንዝሓትዎ መስርሕ ለውጢ ናብ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምስግጋር፡ ንምምላሽ ድልዋት ኣይኮኑን፡፡ እዚ ዘይድልውነቶም እዚ ንናይ መወዳእታ መጻኢ ዕድል ስርዓት ህግደፍ ሞት ጥራሕ ከም ዝኸውን ዘመላኽት ኣበያ እዩ፡፡

ህግደፋውያን ነዚ ኹሉ ጻዊዒት ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ጸማም እዝኒ ብምሃብ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክወጸሉ ዘይኽእል ቁጠባዊ ቅልውላው ሸሚምዎን፤ ተራእዩ ዘይፈልጥ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ልዕሊኡ ክፍጽምን ይርከብ ኣሎ። ሕሉፍ ሓሊፎም እቲ ናይ ምጭፍላቕ ባህጎም ብጋህድን ብቀትርን ብዘይ ገለ ስክፍታ ይፍጽምዎ ኣለዉ፡፡ እቲ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ግን ምስዚ ኩሉ ኣካይዶኦም ኤርትራ እታ ዋላ ፈውሲ ሃተፍተፍ ቸኸውን ሓንቲ ናይ ግሊ ጋዜጣ ዘይብላ ሃገር ክነሳ፡ ህግደፋውያን ቀዳመይቲ ዲሞክራስያዊት ሃገር ምዃና ንህዝቢ ኤርትራ ክነግርዎን ክኣምንዎን ምፍታኖም እዩ፡፡ እምነት ብግዴታ ዝብሃል ኣቀራርባ ካብ መሰረታት ዲሞክራሲ ወጻኢ ብምኻኑ'ውን፡ ንባዕሉ እዚ ህግደፋዊ ተግባር ብዘይ ካልእ ዘረባ

/anlyss/ መግለጺ ጭቡጥ ወድዓዊ ምልካዊ ባህርያቶም እዩ፡፡ ኣብ ገለ ገለ እዋናት መራሕቲ ስርዓት ህግደፍ ንመትከላት ደሞክራሲ ብምህራምን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዘለዎም ንዕቀትን ዝተበገሰ "ደሞክራሲ ኣብ ኤርትራ ግዚኡ ኣይኣኸለን፡ ህዝቢ ኤርትራ'ውን ብዛዕባ ድሞክራሲ ክሓስብ ብስለት የብሉን" ክብሉና ይፍትኑ። ኣብዚ ክሕሰብ ዘለዎ፡ ናይ ህዝቢ ናይ ንቕሓት ደረጃ ብኸመይ ከም ዝዓቐንዎ ገዲፍና፡ ትዕዝብትታትና ንምግላጽ ግን፡ ኣዝዩ ዘሕፍርን መስደመም'ዩ እተበልናዮ ዘገርም ኣይኰነን፡፡

ምኽኒያቱ ህዝቢ ኤርትራ ብታሪኽ፡ ልዕሊ ፍርቂ ክፍለ-ዘመን ንቕሓት ፖሎቲካ ዘለዎ'ዩ፡፡ እቶም ክንዲ ርብዑ ብዛዕባ መንግስትን ህዝባዊ ምምሕዳርን ዘይፈልጡ፡ ሳላቲ ዘዓወትዎ ስርዓት ብደሞክራስያዊ ጎደና እናንጓዙ ዓወታት ከምዝግቡ ንርኢ ኣለና። ስለዚ እምበኣር እዚ ኩሉ ዘይክዉንነታዊ ምኽንያታት ህግደፋውያን፡ መበገሲኡ ምትካል ህዝባዊ ምምሕዳርን ንህዝቢ ማእከል ዝገበረ መንግስትን ንዕድመ ስልጣኖም ዝፈታተን ሓደገኛ  ነታጊ ከም ዝኾነ ጌሮም ስለ ዝርእዩ ጥራሕ እዩ። እቲ ንህግደፋውያን ንግዚኡ ከንብሮም ዝኽእል መሳርሒ "ሎሚ ደሞክራሲ የለን ጽባሕ ግን ኣሎ" እንዳበልካ ነቲ ክዛረብን መሰሉ ክሓትትን ዘይክእል ህዝቢ ኤርትራ፡ ከምቲ ንሳቶም ዝሓስብዎ እንዳ ኣታለልካ ምንባር'ዩ እቲ እንኮ ምርጭኦም። ኣብዚ ክርሳዕ ዘይብሉ ነገር ግን ህዝቢ ኤርትራ ኣይተዛረበን ማለት ተታሊሉ ማለት ከምዘይኰነ እዩ።

በዚ መንጽር ተሞኩሮ ኢትዮጵያ ምርኣይ ኣገዳሲ ኣዩ። ኢትዮጵያ እታ ኣብ ታሪኽ ክንዲ ቅንጣብ ዝኸውን መስረት ህዝባዊ ምምሕዳርን ደሞክራስን ዘይነበራ ሃገር፡ ድሕሪ ውድቀት ስ/ደርግ ን3ይ ግዜ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋን ብምሉእ ህዝብታት ኢትዮጵያን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ዝመስከሩሉ፡ ኣፍሪቃውያን ማሓዙት ህዝብታት ድማ ተሞኩሮ ዝወሰዱሉ ህዝባዊ ምርጫ ብደሞክራስያዊ መንገዲ ከተካይድ እንከላ፡ ማዕረ ዕድመ ስልጣን ዘለዎ መንግስቲ ኤርትራ ግን፡ ህዝብታት ኤርትራ ንክማሓድሮም ዝደልይዎ ፓርቲ ይኹን ውልቀ-ሰብ ኘኸይመርጹ ምኹናኑ ብጣዕሚ ዘሕዝን እዩ። ከም ኣካይዳ ህግደፋውያን ከም ኢሰያስ ዝኣመሰለ ዝተቐደሰን ዝተኸበረን ናይ ነዊሕ ራኢ ዘለዎ መራሒ ከለና ምርጫ ንምንታይ የድሊ ባሃልቲ እዮም። እዚ መስደመም መግለጺ እዩ። ንሕና ደምበ ተቓውሞ ግን እቲ ህዝቢ ዘይሕተት፡ ዝብሎ ዘይንሰምዕ በሃልቲ ኢና።

ከምቲ ኘኹላህና ጋህዲ ዝኾነ ህግደፋውያን ኣብ ልዕሊ ደሞክራሲ ነጻ ሪኢቶኻ ምግላጽን መስል ምትእኽኻብን ዓቢ ፍርሒ ኣለዎም። እዚ ከኣ እዩ ኣብዚ ቅንያንያት'ዚ ብዛዕባ ምርጫ ኢትዮጵያ 2005 ብዙሕ ዘዛርቦምን ኣብ ምንእኣሱ ለይትን ቀትርን ዘስርሖምን ዘሎ። ምኽንያቱ ድማ እቲ ቀጥታዊ ጽልዋ ደሞክራስያዊ ምርጫ ኢትዮጵያ ኣብ በትረ-ስልጣኖም ከውርዶ ዝኽእል ህዝባዊ ናዕ ብን ተቓውሞን ንምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን። እቲ ንጹር ሓቂ'ምባኣር፡ ምርጫ ኣብ ኢትዮጵያ ማለት ሕማቕ ተመኩሮ ንመንግስቲ ህግደፍ ስለዝኾነ እዩ።

እዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣብ ግምት ብምእታው፡ መንግስቲ ህግደፍ ንህዝቢ ኤርትራ ሰላምን ዲሞክራስን ልምዓትን ከምጽእ ድሉው ኣይኮነን ጥራሕ ዘይኮነስ ሞራላዊ ብቕዓት'ውን የብሉን። እዚ ኣካይዳ እዚ ግን፡ ንዘይተወሰነ ግዜ ከምኡ ኢሉ ዝቕጽል ዘይኮነስ መወዳእታ ክህልዎ ናይ ግድን እዩ። እቲ ስርዓት ብዓይኒ ህዝቢ ኤርትራ ቅቡል ስርዓት ኣይኮነን። ስለዚ ፈቲና ጸሊእና ይንዋሕ ይሕጸር ዴሞክራስን ምርጫ ህዝብን ኣብ ኤርትራ ከም ዝዕንብብ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ነጻነት ብዘይዲሞክራሲ ዘይሕሰብን መሰረት ዘይብሉን ስለዝኾነ፡ ዴሞክራስያዊ ዕላማታት ንምዕዋት ዝግበር ህዝባዊ ቃልሲ ኣብ ጸጋታት ነጻነት ኣትኪሉ ክሳብ ምሉእ ዓወት ክቕጽል'ዩ። ናይ ምዕዋቱ ጉዳይ ድማ ግድነታዊ ታሪኻዊ መስርሕ እዩ።